kanton glarus

Opferberatungsstelle
des Kantons Glarus
Bahnhofstrasse 13
8762 Schwanden

Telefon: 055 646 67 36
E-Mail: opferberatung@gl.ch
www.gl.ch

opferhilfe-schweiz.ch
aiuto-alle-vittime.ch
aide-aux-victimes.ch

# ሓበሬታ ብዛዕባ ምፍልላይን ምፍታሕን
# ኣብ ሓዳር: ዝተመዝገቡ ሓደ ጾታ ዘለዎም መጻምድቲ (eingetragener Partnerschaft) ወይ ዘይተመርዓዉ ብሓንሳብ ዝቕመጡ መጻምድቲ

**ክፈላለ ደልየ:: እንታይ ክገብር ኣለኒ፤**

ኣብ ዞባዊ ቤትፍርዲ: ናይ ሕጋዊ ምፍልላይን ተፋላሊኻ ምንባርን ሕቶ («Eheschutzverfahren») ክተቕርቡ ትኽእሉ:: እዚ ማለት ተፋቲሕኩም ማለት ኣይኮነን (ምፍልላይ ማለት ምፍታሕ ማለት ኣይኮነን):: እቲ ምፍልላይ ግን ብሕጊ ዝተፈልጠ ይኸውን ማለት ኢዩ:: እቲ ፍትሕ ብሓደ ካብቶም መጻምድቲ ጥራይ ምስዝጥለብ ክልተ ዓመት ተፈልላዮም ድሕሪ ምጽናሕ ጥራይ እዮም ክፋትሑ ዝኽእሉ:: ንሕጋዊ ምፍልላይ ዝምልከት ቅጥዒ ብምምላእ ባዕልኹም ወይ ብጠበቓ ጌርኩም ሕቶ ክተቕርቡ ትኽእሉ:: ኣገልግሎት ምኽሪ ግዳያት ክሕግዘኩም ቁሩብ እዩ::

ኣብቲ ናይ መጀመርታ ናይ ቤትፍርዲ ወይ ናይ ጠበቓ ቆጸራ እዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ሒዝኩም ንኽትከዱ ንላበወኩም፦
- ✓ እተን ክልተ ናይ መወዳእታ መጻረይ ግብሪ (Steuererklärungen)
- ✓ መወዳእታ ዝመጸኩም ግምት ናይ ትኽፍልዎ ግብሪ (definitive Steuerveranlagung)
- ✓ ናይ ዝሓለፈ ሽድሽተ ኣዋርሕ ጸብጻብ ድሞዝኩም
- ✓ ናይ ዝሓለፈ ሽድሽተ ኣዋርሕ ጸብጻብ ናይ ባንክ ሕሳብኩም (ባንኪ ወይ ፖስታ)
- ✓ ኣብ ሓዳር ዝፍጸም ግፍዒ ንዝምልከት ሰነዳት (ምስክር ወረቐት ናይ ሓኪም: ናይ መስርሕ መርመራ ገበን ሰነዳት: ዝተወሰዱ/ዝተኣዘዙ ናይ ምክልኻል ስጉምትታት)

**ንናይ ሕጋዊ ምፍልላይ መስርሕ ቤትፍርዲ ወይ ውጻኢታት ናይ ጠበቓ መን ይኸፍሎ፤**

ውሑድ ገንዘብ ምስዝህልወኩም ብዘይ ክፍሊት ሕጋዊ ኣገልግሎት ንኽግበረልኩም ሕቶ ክተቕርቡ ትኽእሉ:: እዚ ሕቶ ቅቡል ምስዝኸውን ክፍሊት ናይ ቤትፍርዲ: ናይ ጠበቓን ናይ ተርጓሚ/ትን ብቤትፍርዲ/መንግስቲ ይሽፈን:: ናይ ቤትፍርዲ ካሳ እንተደንገየ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ነዚ ክፍሊት ንኽትመልስዎ ዘኽእለኩም እኹል ገንዘብ እንተለኩም ይምርምር:: ሽዑ ከከም ኩነታቱ ናይቲ ገንዘብ ምምላስ ምስምማዕ ወይ ናይ ዕዳ ኣከፋፍላ ውዕል ይገበር:: ከምዚ ዓይነት ውዕል ምስዝግበር ብቐጥታ እቲ ናይ 10 ዓመት ናይ ግዜ ገደብ ይቋረጽ:: ናይ ጠበቓ ክፍሊት ክትከፍሉ ዓቕሚ ምስዝህልወኩም: ባዕልኹም ምስቲ ጠበቓ ናይ ክፍሊት ስምምዕ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም::

**ኣብ እዋን ምፍልላይ ክጻረዩ ዘልዎም ጉዳያት እንታይ እዮም፤**

- ✓ ኣብቲ ገዛ መን ክነብር ከምዘለዎ ይውሰን:: እቲ ግድን ገዛ ዘድልዮ ሰብ: ነኣብነት እቲ ቆልዑ ዝኣሊ ሰብ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብቲ ገዛ ንኽተርፍ ይውሰን:: ኣብቲ ገዛ ምንባር ክትቅጽሉ ምስትደልዩ እቲ መጻምድትኹም ካብ ገዛ ዝወጸሉ ዕለት ንኽውሰንን መፍትሕ ንኽረክበኩምን ሕተቱ::
- ✓ ቆልዑ (ዝበዝሐ ግዚ) ኣበይ ከምዝቕመጡ ይውሰን::
- ✓ ወለዲ ንደቆም ዝኣልዩሉ ስርዓታት ይውሰን::
- ✓ እቲ መዕበይ ቆልዑ ዝኸፍል ወላዲ ክንደይ ገንዘብ ንደቁ ከምዝኸፍል ይውሰን:: ክሳብ 18 ዓመቶም ዝመልኡ ወይ ቀዳማይ ሞያኦም ተማሂሮም ክሳብ ዝውድኡ: ቆልዑ መዕበይ ቆልዓ ክኽፈሎም መሰል ኣለዎም:: እቲ መዕበይ ቆልዓ ክኸፍል ዝግብኦ ወላዲ እንተዘይከፊሉ: ብናትኩም ተበግሶ ዕዳኡ ክኸፍል

ንዘገድዶ ትካል ክትውከሱ ትኽእሉ:: ወይ መዕበይ ቆልዑ ዝምልከት ሓገዝ ንዘበርክት መንግስታዊ ትካል (Alimentenhilfe) ተወኪስኩም ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ::

**ናይ ምፍልላይ መስርሕ ቤትፍርዲ ከመይ ይካየድ፧**

- ✓ እስኻትኩም እቲ ሕቶ ናይ ምፍልላይ (Eheschutz) ተቕርቡ::
- ✓ ብቓልኩም ምኽንያት ናይ ሕቶኹም ትገልጹ ከምኡውን መረጋገጺ ነገራት ተረክቡ::
- ✓ እቲ ሓደ ወገን ውን ናቱ ሕቶ ክቕርብ ይኽእል እዩ::
- ✓ ፍርድቤት ነቲ ሓደ ወገን ውን ብቓሉ ምኽንያቱ ክገልጽን ግብረመልሲ ናይቲ ዘቕረብኩሞ ሕቶ ንኽህብን ይሓቶ::
- ✓ ከከም ኩነታቱ ብቤትፍርዲ ቃለመጠየቕ ክግበር ይኽእል::
- ✓ ሓደ ሓደ ግዜ ቤትፍርዲ ተወሰኽቲ ሰነዳት ንኽርከቡ ይሓትት እዩ::

**ብሰንኪ ምፍልላይ ግፍዒ ንኽየጓንፍ ወይ ንኽይገድድ ምፍራሕ**

እቲ ዝተገደፈ ወገን ንዓኹም ወይ ንደቅኹም ዘፈራርሓኩም ወይ ኣብ ልዕሌኹም ግፍዒ ዝፍጽም ምስዝኸውን: ፖሊስ እዚ ሰብ ካባኹም ንኽርሕቕን ንኽይቀርበኩምን ክእዝዝ ይኽእል እዩ:: እስኻትኩም ነቲ ናይ ምርሓቕ ትእዛዝ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ድሕሪ እቲ ትእዛዝ ምውሃቡ ብቤትፍርዲ (Zwangsmassnahmengericht) ን10 መዓልቲ ክተናውሕዎ ትኽእሉ ኢኹም:: እንተድኣ ገና ንዝቕጽል ውን ከፈራርሓኩም ከምዝኽእል ስግኣት ኣለኩም ኮይኑ: ኣብ ሲቪላዊ ቤትፍርዱ ተወሳኺ ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ንኽውሰዱ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም (ምስጓግ: ናይ ምርሓቕ ትእዛዝ:  እገዳ ምርኻብ: እገዳ ናይ ዝተወሰኑ ቦታታት):: ሕቶ ኣብ ምቕራብ ንሕና ብዘይ ክፍሊትን ብተኣማንነትን ክንሕግዘኩምን ክንመኽረኩምን ኢና:: ዓቢ ሓደጋ ምስዝህሉ ከምኡውን እቲ ዝተገደፈ ወገን ነቲ ዝተገብረሉ እገዳ ዘይሕልዎ እንተኾይኑ: ንሕና ንዓኻትኩምን ንደቅኹምን ናብ መዕቆቢ ቦታ ክነእትወኩም ንኽእል ኢና::

**ጉዳይ ህጹጽ ምስዝኸውን ከ፧**

እቲ ናይ ግፍዒ ተግባራት ከምዘሎን እቲ ጉዳይ ህጹጽ ምዃኑን ምስተእምኑ: ቤትፍርዲ ናይ ህጹጽ ግዝያዊ (መጻንሒ) ስጉምትታት/ትእዛዛት («superprovisorische Massnahme») ንኽውስን ክትሓቱ ትኽእሉ:: ከምዚ ምስዝኸውን ቤትፍርዲ ነቶም ሰብ ጉዳይ ቃለመጠይቕ ብዘይምግባር ቀልጢፉ ንምፍልላይ ዝምልከቱ ኣገደስቲ ጉዳያት ጥራይ የሳልጥ ::

**ቆልዑ ምስ መን ክቕመጡ እዮም፧ ምእላይ ቆልዑ ኸ ከመይ ይቕጽል፧**

ቆልዑ ምስቲ ክሳብ ሕጂ ብብዝሒ ዝኣልዮም ዝነበረን ብሕጂ ውን ክኣልዮም ዝኽእል ወላዲ ክቕመጡ ይግባእ:: ናይ ቆልዑ ጽቡቕ ምህላው ቀዳምነት ይውሃቦ:: ቤትፍርዲ ልዕሊ 6 ንዝዕድሚኦም ቆልዑ ብውልቆም ክሓቶም ይኽእል እዩ:: ክልቲኦም ወለዲ ምስ ደቆም ርክብ ንኽህልዎም መሰሎም እዩ:: በዚ ምኽንያት ንምእላይን ንምርኣይ (ምብጻሕ) ቆልዑን (Besuchsrecht) ዝምልከት ስምምዕ ምስዝግበር ዝበለጸ እዩ ኢልና ንመክር:: ቆልዑ ምስዝፈራርሑ ወይ ኣብ እዋን ቆልዑ ምርኣይ ግፍዒ ዘለዎ ግጭት ዘጓንፍ እንተኾይኑ: ቆልዑ ሳልሳይ ኣካል ብዘለዎ ኩነታት እቲ ምስኦም ዘይቅመጥ ወላዲኦም ንኽሪኦምን (begleitetes Besuchsrecht) ወይ ወኪል/መንገኛ (Beistandschaft) ንኽግበርን ክትሓቱ ትኽእሉ::

**ብምንታይ ክንናበር ኢና፧**

ክሳብ ቤትፍርዲ ንመዕበይ ቆልዓ ዝምልከት ውሳኔ ዘጽድቕን መዕበይ ቆልዓ ገንዘብ ክመጸኩም ዝጅምርን ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ:: ስለዚ ኣቐዲምኩም ማሕበራዊ ረድኤት (ናይ ሰሻል ሓገዝ) ንኽወሃበኩም ንማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ካንቶን ግላሩስ (Soziale Dienste) ሕቶ ኣቕርቡ:: ሕሳብ ባንክ ወይ ፖስታ ምስቲ ግፍዒ ዘተግብር ሰብ ናይ ሓባር ምስዝኸውን እሞ እስኹም ዘቐመጥክሞ ገንዘብ ምስዘይህልወኩም: ንኽልተ ወርሒ ዝኸውን ገንዘብ ኣውጽኡ:: ካብቲ ባንክ ሕሳብ ገንዘብ ንኽውጽእ ዘለዎ ፍቓድ ናይቲ ሰብ ኣዕጽውዎ:: ሓድሽ ሕሳብ ባንክ/ፖስታ ብሽምኩም ክተውጽኡ እቲ ዝበለጸ እዩ::  ኣብ  ናይ ምፍልላይ መስርሕ: ንክልቲኦም ወገን ዝምልከት ኣብ ነናቶም ገዛ

ዘድልዮም ናይ መነባብሮ ገንዘብ ሕሳብ ተጌሩ ካብቲ እቶቶም ይቕነስ:: እዚ: ሕሳብ ናይ መዕበይ ቆልዑ ገንዘብ (Alimente) ንኽግበር: ከም መሰረት የገልግል:: ገንዘብ ናይ መዕበይ ቆልዑን ደሞዝ ናይ ስራሕን ንመነባብሮ እኹል ምስዘይከውን ብተወሳኺ ማሕበራዊ ረድኤት ከድልየኩም እዩ:: ብሕጊ ዝጸደቐ ውሳኔ ናይ ምፍልላይ ምስዝህልወኩም እሞ ክትሰርሑ ምስትደልዮ: ካብ መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ናይ 90 መዓልቲ መዓልታዊ ገንዘብ (Taggelder) ወይ መዕበይ ቆልዓ ኣቐዲሙ ንኽተሓላለፈልኩም (Alimentenbevorschussung) ኣብ ብ ካንቶን ግላሩስ ክትሓቱ ትኽእሉ::

**ወጻእተኛ እየ – ምፍልላይ ንመንበሪ ፍቓደይ ይጸልዎ ድዩ፧**

ብዙሓት እዚ ጉዳይ ዝምልከተን ደቂ ኣንስትዮ ብምኽንያት ምጥርናፍ ስድራቤት ናብ ስዊዘርላንድ ስለዝመጻ ናይ መንበሪ ፍቓድ በ (B) ኣለወን:: ስለዚ እቲ መንበሪ ፍቓድ ወይ ታሴራ ብሓንሳብ ምስ ምንባር ዝተኣሳሰረ እዩ:: ካብ ሕቡራት ሃገራት ኤውሮጳ EU-Staaten ዝመጹ ሰባት ኣብ ስዊዘርላንድ ንምንባር ዝሓሸ ቅድመ ኩነት እዩ ዘለዎም:: ካብ ሕቡራት ሃገራት ኤውሮጳ ዘይኮና ሃገራት ዝመጹ ሰባት: እንተወሓደ ሰለስተ ዓመት ኣብ ስዊዘርላንድ ነቢሮም እንተተኾይኖም ከምኡውን ኣብዚ ዓዲ ምውህሃዶም ከእምኑ እንተኽኢሎም: ኣብ እዋን ምፍልላይ መንበሪ ፍቓድም ንኽናዋሕ ንቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት (ሚግሬሽን) ክሓቱ ይኽእሉ እዮም:: ኣገደስቲ ውልቃዊ ምኽንያታት ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም (ገዳያት ዘቤታዊ ግፍዒ ምኳኖም ወይ ኣብ ሃገሮም ካብ ማሕበራዊ ህይወት ክንጸሉ ሓደጋ ከምዘሎ):: ነዚ ዝምልከት ምኽሪ ብዘይ ክፍሊትን ብተኣማንነትን ክንህበኩም ቁሩባት ኢና::

**ኣብ እዋን መስርሕ ናይ ምፍልላይ እንታይ ይግበር፧**

ደቅኹም ሒዝኩሞም ክትከዱ እይትኽእሉን ኢኹም:: ስለዚ እንተወሓደ ንፍርቂ መዓልቲ ቆልዓ ዝሕዘልኩም ሰብ ኣዳልዉ:: ጀርመን ቋንቋኹም ምስዘይከውን ኣቐዲምኩም ተርጓሚ ከምዘድልየኩም ንቤትፍርዲ ሓብሩ:: ጠበቓ ኣለኩም እንትኾይኑ እቲ/እታ ጠበቓ ብዛዕባ እቲ መስርሕ ክሕብረኩም/ክትሕበረኩም እዩ/እያ:: ብዘይ ጠበቓ ናብ ቤትፍርዲ ክትቀርቡ እንተኼንኩም ከይተረደኣኩም ወይ ርግጸኛታት ከይኮንኩም ዝኾነ ስምምዕ (ውዕል) ኣይትፈርሙ:: ኣብ 10 መዓልቲ ክትስሕብዎ ዕድል ምስዝወሃበኩም ጥራይ ፈርሙ:: ሽዑ ኣብዘን 10 መዓልቲ ነቲ ስምምዕ (ውዕል) ምስ ክኢላ ሰብ ኄንኩም ትርእይዎ:: .

**ነቲ ውሳኔ ምስዘይስማምዓሉ እንታይ ክገብር ይኽእል፧**

ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ምኽንያት ዘርዚሩ ዝገልጽ ውሳኔ ሕተቱ ወይ እግባይ በሉ:: ናይ እግባይ ኣበሃህላ ስርዓት ኣብ መወዳእታ ናይቲ ወሳኔ ተገሊጹ ይርከብ:: 10 መዓልቲ እንተሓሊፉ ግን ኩነታት ህይወት ወይ መነባብሮ ኣዝዮ ምስዝቕየር ጥራይ እዩ ኣብቲ ውሳኔ ዝኾነ ምቕያር ክግበር ዝኽእል:: ምስቲ ዝተፈላለኹሞ ሰብ ተመሊስኩም ብሓንሳብ ክትቅመጡ ምስትደልዩ: እቲ ውሳኔ ቀጥታ ይስረዝ::

**ፍትሕ ዶ ኣይሓይሽን ካብ ምፍልላይ፧**

ክልቲኦም ወገናት ክሳብ ዝተሰማምዑ ፍትሕ ኣብ ዝኾነ እዋን ይክኣል እዩ:: እዚ ድለየት ናይ ፍትሕ ብሓደ ውዕል ክተተግብርዎ ትኽእሉ:: እዚ ውዕል ክስሓብ ይኽእል እዩ:: ሓደ ወገን ፍትሕ ዘይደሊ ዋላ ይኹን ክልተ ዓመት ድሕሪ ምፍልላይ ፍትሕ ክፍጸም ይኽእል እዩ:: ብልሙድ ካብ ናይ ፍትሕ መስርሕ ናይ ምፍልላይ መስርሕ ይቕልጥፍ::

**ብግዲ ተመርዕዬ እንተኔረ እንታይ ክገብር ይኽእል፧**

ወለዲ ካብ ስዊዘርላንድ ወጻኢ ይኹን ወይ ኣብ ስዊዘርላንድ ብዘየገድስ «ግዱድ መርዓ» ኣብ ስዊዘርላንድ ክልኩል እዩ:: ኣብ ስዊዘርላንድ መጻምድኻ ባዕልኻ ክትመርጽ መሰል ኣለካ:: ን«ግዱድ መርዓ» ዝምልከት ምኽሪ ብዘይ ክፍሊትን ብተኣማንነትን ክንህበኩም ቁሩባት ኢና::

**ምዝገባ ናይ ሓደ ጾታ ዘለዎም መጻምድቲ ብኸመይ ከፍርሶ ይኽእል፧**

ኣብ ዘባዊ ቤትፍርዲ ግላሩስ ናይ ምፍልላይ ሕቶ ክተቕርቡ ትኽእሉ:: ምፍርራሕ ወይ ግፍዒ ምስዝህሉ ውን ከምቲ ኣብ እዋን መስርሕ ምፍልላይ ዝውሰዱ ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ንኽውሰዱ ክትሓቱ ትኽእሉ:: ምስቲ

መጻምድትኹም ብዛዕባ ምፍራስ ምዝገባ እንተዘይተሰማሚዕኩም፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ብዘይ ናቱ/ታ ድልየት እቲ ናይ መጻምድቲ ምዝገባ ክተፍርስዎ ትኽእሉ::

**ከይተመርዓና ብሓንሳብ ንነብር – ብኸመይ መንገዲ ክፈላሊ ይኽእል፧**

ከይተመርዓኻ ብሓንሳብ ክትነብር ጸኒሕካ ክትፈላለ ከለኻ ዝተፈላለዩ ነገራት እዮም ዝካየዱ:: ቤትጽሕፈት ተኸላኻሊ ቆልዑን ዓበይትን (Kindes- und Erwachsenenschutzbehörde) ንሞግዚትን ንምእላይ ቆልዑን ዝምልከት ነገራት የሳልጥ/ይውስን:: ዘባዊ ቤትፍርዲ ብወገኑ መዕበይ ቆልዓ ገንዘብ ይውስን:: ኣብቲ ናይ ሓባር ገዛ መን ከምዝተርፍ ኣብ ውዕል ገዛ ዝርከቡ ፌርማታት ወሰንቲ እዮም:: ከምኡውን ኣብ ምትሕብባር ናይ ኣካራይን ናይቲ ሓደ ወገንን እዩ ዝምርኮስ:: ግፍዒ ምስዘጓንፈኩም ዋላ ከይተመርዓኹም ብሓንሳብ ክትነብሩ እንተጸኒሕኩም ኣብ ሲቪላዊ ቤትፍርዲ ናይ ምክልኻል ስጉምትታት ንኽውሰዱ ሕቶ ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም:: ነዚ ዝምልከት ምኽሪ ብዘይ ክፍሊትን ብተኣማንነትን ክንህበኩም ቁሩባት ኢና::

**ጠቓምቲ ኣድራሻታት፦**

- ማሕበር ጠበቓታት ናይ ግላሩስ http://www.glav.ch/
- መዝገብ ጠበቓታት ናይ ካንቶን ግላሩስ https://www.gl.ch/rechtspflege/anwaltsregister.html/276
- ብዘይ ክፍሊት ሕጋዊ ኣገልግሎት ንምርካብ ትቕርቦ ሕቶ https://www.gl.ch/public/upload/assets/7652/18_Gesuch_unentgeltliche_Rechtspflege.pdf
- ናይ ምፍልላይ ሕቶ ካንቶን ግላሩስ (Eheschutz) https://www.gl.ch/rechtspflege/online-schalter.html/287

ነዚ ናይ ሓበሬታ ሰነድ ንምጽሓፍ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ቤትጽሕፈት ምኽሪ ደቂኣንስትዮ ኣብ ሓዳርን ኣብ ዝምድናን (BIF) ዝርከቡ ንምፍልላይን ንምፍታሕን ዝምልከቱ ሓጋዊ ሓበሬታታት ከም መሰረት ኣገልጊሎም::